**03/09/2010**

# ዋሕዚ ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ቤት ማእሰርትታት ግብጺ፤ ናብ ኢትዮጵያ ይቅጽል ኣሎ፡፡
# 12 ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣዲስ-ኣበባ ኣትዮም!!

ካብ 2-17 ኣዋርሕ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ግብጺ ክሳቐዩ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሎሚ 03 መስከረም 2010 ብሰላም ኣዲስ-ኣበባ ኣትዮም፡፡ ካብዞም ሎሚ ዕለት ዝኣተዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት እቶም 7† ወተሃደራት ናይ ስርዓት ህግደፍ ዝነበሩ ክኾኑ ከለዉ 3† ደቲ-ኣንስትዮ ይርከብኦም፡፡

ኣብ ወርሒ ነሓሰ 2010 ካብ ቤት ማእሰርትታት ግብጺ ናብ ኢትዮጵያ ዝኣተዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ሰንጠረጅ ንመልከት፡-

| ተ.ቑ | ዝኣተዉሉ ዕለት | ብዝሒ ዝኣተዉ |
|---|---|---|
| 1. | 03/08/2010 | 6 |
| 2. | 05/08/2010 | 8 |
| 3. | 08/08/2010 | 8 |
| 4. | 12/08/2010 | 37 |
| 5. | 17/08/2010 | 33 |
| 6. | 19/08/2010 | 36 |
| 7. | 24/08/2010 | 18 |
| 8. | 26/08/2010 | 15 |
| ጠቕላላ ድምር ኣብ ወርሒ ነሓሰ 2010 ዝኣተዉ | | ......................161 |

ኣዲስ-ኣበባ ኣብ ዝኣተውሉ ሰዓት፡ ምምሕዳር ቤ/ጽሕፈት ጉዳይ ሰደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስትን ኢትዮጵያ፡ ድሙቕ ኣቀባብላን ቀዳማይ ረዲኤትን ድሕሪ ምሃብ፡ ናብ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝርከብሉ መዕረፊ ቦታ ኣፋንይዎም፡፡

ክሳብ ሎሚ ዕለት፡ ካብ ግብጺ ናብ ኢትዮጵያ ዝኣተዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ምስ ወርሒ ነሓሰ 2010 ዝኣተዉ ደሚርካ፡ ቁጽሮም 1637 በጺሑ ይርከብ፡፡

## ምስሊ ናይቶም ሎሚ ዝኣተዉ ብኸፊል!!



